# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.194 | ዓርቢ 14 ሚያዝያ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ንግሆ ተንሲእካ ትገብሮ ጉዕዞ እግሪን ረብሓታቱን



ገጽ 3 — ዝኽሪ ሚያዝያ 13 ምስሉይነት ኣመሓደርቲ ቅልውላው ዕርቃኑ ዘውጽአ ጽኑዕ መኸተ

ገጽ 4 — ካብ ጀጋኑ ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን



ገጽ 5 — ቅኑዕ ውሳነ ምውሳድ



ገጽ 7 — ውድድራት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ቀጺሉ




## ጉጅለ ባህሊ ሳዋ - ንህዝብን ሰራዊትን ምርኢት ኣቕሪባ

ጉጅለ ባህሊ ሳዋ - ናይ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ተዋፊሮም ንዘርከቡ ነበርቲ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታትን ሰራዊትን ምርኢት ኣቕሪባ።

እቲ ካብ ዕለት 27 መጋቢት ክሳብ 6 ሚያዝያ ዝተኻየደን ኣነቓቓሒ ደርፍታትን ግጥምታትን ዘጠቓለለን ምርኢት፡ ኣብ ሕቡራትን ምዝንጋዕን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኣብ ማይ-ድማ፡ ማይ-ምኢ፡ እንዳ-ገርጊስ፡ ምድፋእ ዋልታ፡ እንዳ'ባ እስቲፋኖስ፡ ጸሮና፡ ገለብ፡ ሰርሓ፡ ማሻሽሰይቶን መደረን እዩ ተኻዪዱ።

እቲ መደብ ንኽዕወት፡ ተራ ናይቶን ብበበይኑ ዝርከብ ኣሃዱታት ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓወሲ ከተማታትን ልዑል ምንባሩ፡ ኣካየድቲ ናይ'ታ ጉጅለ ባህሊ ሓቢሮም።



## ሸዕብ - ቃልሲ ኣንጻር ሃሰይቲ ልምድታት ክሕይል መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕቡ፡ ቃልሲ ኣንጻር ሃሰይቲ ልምድታት ወጽኢት ደርኒቦ ከምዘሎ፣ ንምሉእ ዓወት ድማ ዚያዳ ስራሕ ከምዝድለ፡ ሓላፊት ሃግደኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ጀምዓ ራኪ ገሊጻ።

ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ገድገድ፡ ሰሜንን ደቡብን መንሽብ ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ወ/ሮ ጀምዓ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ከሸሮን ዝርከቦ ኣብ ደቂኣንስትዮ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት ዘለዎ ድሑር ባህልታትን ጉዳእቲ ልምድታትን ንምግታእ ክኻየድ ብዘጸንሐ ጻዕሪ ለውጢ ይመጽእ'ኳ እንተሎ፡ ደግሲ ንኽዩጋጥም ብዘለዓለ ክቕጽል ኣተሓሳሰበት።

ተሳታፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ብዘሒ ናብ ትካላት ጥዕና ዝመላለሳን ብስብ ሞያ ጥዕና ዝካየዳን ንበሱጻራት ንምብራኽ'ውን፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ሓላፍነቱ ክልዕል ኣዘኻኺረን።

ተሳተፍቲ ብወገነን ዝተዋህበን ኣስተምህሮ ንቕሓተን ኣብ ምብራኽ ሓጊዙ ብምዃኑ ብስፊሑ ክድፋኣሉ ብምልባው፡ ትሑት ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ኣተኩሮ ክግበረሉ፣ ሓላሊፋ ዝርአ ክሽቦ ዕቱብ ቁጽጽር ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪበን።

## ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ጸሓፊ ህግደፍ፡ ምስ ሞያውያን ሰራሕተኛታት ዘቲዩ

ጸሓፊ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ሚካኤል፡ ብ8 ሚያዝያ ኣብ ሞያ ምምህርናን ሕክምናን ምስ ዝተዋፈሩ መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ርክብ ኣካዪዱ።

ኣቶ ረዘነ፡ ምዕባለትን ብልጽግናትን ሃገር ናይ ምህናጽ ሓላፍነት ኣብ እንግድዳ መንእሰይ ወለዶ ብሓፈሻ፡ ዝተማህረ ድማ ብፍላይ ስለዝምርኮሱ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ልዑል ኣተኩሮ ገይሩ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝተፈላለዩ መልክዓት ንዘለኽም ተጻብኦታት መኪቱ ዝሰዓረ፡ ሳላ ሓያል ጥምረቱን ልዑል ንቕሓቱን ከምዘሽሓ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ብሓፈሻ ሞያውያን መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ነዚ ክብረታት'ዚ ወሪሶም ኣብ'ዚ ተኣትዩ ዘሎ መድረኽ ዓቢ ትጽቢት ከምዝተገበረሎም ገሊጹ።

ሓላፊ ሃገራዊ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ዑስማን ዓብደልቓድር ብወገኑ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ኣፍራይነቶም ክዕብን ኣብ ከባቢኦም ጸለውቲ ክኾኑን ዝግበር ጻዕሪ፡ ዝተዋፈሩሉ ሞያ ንምምዕባል ብትግሃት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ኣፍልጦኦምን ንቕሓቶምን ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያትን መደባትን ንምስፋሕ ዝሕግዙ ርክባት ክድፋኣሉ ጸዊዖም።

## ኮ/ዘራእትን ጥሪትን - ልምዓታዊ መደባት ዘደንፍዕ ግብራዊ ስልጠናታት ይህብ

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ዝዕመም ዘሎ ልምዓታዊ ስርሓት፡ ምምዕባል ቴክኒካውን ሞያውን ብቕዓት ልዑል ኣቓልቦ ከምዝወሃቦን ወጽኢታዊ ከምዘሽሱን፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኮርፖረሽን ሓላፊ ምምሕዳር ቴክኒካዊ ኣገልግሎት ኣቶ መሓመድ ዓብደላ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብፍላይ ካብ 2009 ንደሓር፡ ካብ ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት፡ ኮሌጃትን ኣብያተ-ትምህርቲ ቴክኒክን ተመሪቖም ንዝምደቡ፡ ኮታ ብክልሰ-ሓሳብ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ብዮዝበሪ ክድርዕዎ ባይታ ተፈጢሩ ብኣድማዕነት ይትግበር ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ብዮዝበራዊ ስራሕ ዝጥረ ዘሎ ብቕዓት፡ እቶም ኣብ ፕሮጀክታት ሕርሻ፡ መፍረ ጥሪት፡ ፋብሪካታትን ኣብያተ-ዕዮታትን ዝተመደቡ መንእሰያት፡ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ስራሕ ኣድማዕቲ ክኾኑን ተወሰኽቲ ሞያታት ክጥርዩን ኣኽኢሉ ምህላዉ'ውን ኣብሪሁ።

እቶም መንእሰያት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ዕድል ስራሕ፡ ኮታ ብክልሰ-ሓሳብ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ብዮዝበራዊ ስራሕ ከማዕብልዎ፣ ተወሰኽቲ ሞያታት ክጥርዩ፡ ከምኡ'ውን ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብቐረባ ክላለዩ ከምዝሓገዞም ብምሕባር፡ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ተጋዳላይ ዮሴፍ ኣርኣያ ብሕማም ተሰዊኡ

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዝነበረ - ጉዳም ተጋዳላይ የሴፍ ኣርኣያ ጉብረገያርጊስ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ብ11 ሚያዝያ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1973 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ የሴፍ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት - ክሳብ ጸሓፊ ዞባ ደቡብ ኮይኑ ተቓሊሱ።

ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባን ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ብምዃኑ ንሃገሩን ህዝቡን ብዘወፈይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ የሴፍ ኣርኣያ፡ በዓል-ሓዳርን ኣቦ 7 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ ትማሊ 13 ሚያዝያ 2023 ሰዓት 4:00 ድሕረቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ብምስዋእቲ ጉዳም ኣባሉ፡ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ንግሆ ተንሲእካ ትገብሮ ጉዕዞ እግሪን ረብሓታቱን



ካብ ድቃስ ምስ ተንሲእካ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምናልባት ቀዳማይ ምርጫኻ ከይከውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ኣታ ኣሃዱ እትብሎ ሓዳስ መዓልቲ ኣብ ከብቢኻ ይኹን ናብ ቦታ ስራሕ ወይ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግርኻ ምስ እትግዓዝ ኣካላትካ ሓያሎ ጥዕናዊ ረብሓ እዩ ዝረኽብ።

ብእግሪ ምጉዓዝ ቀሊልን ፕዙብ ዘይሓትትን ዝበለጸ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እዩ። ኣብ መዓልቲ እኹል ርሕቀት ብእግሪ ምጉዓዝ ካብ ቅዛኔት ከናግፈካ፣ ክብደት ሰብነትካ ክትሕሉ፣ ብሓፈሻ ንጥዕና ኣእምሮን ኣካላትን ዘገድስ፣ ጥዕናና ክዕቅብ ዝኽእል ንጥፈት እዩ።

ሰዓቡ ንግሆ ተበራቢርካ ቀድሚ ዝኣገረ እትገብሮ ጉዕዞ እግሪ ዘለዎ ረብሓታት ተዘርዚሩ ኣሎ፦

*** ሰብነትካ ዝፈጥሮ ጸዓት የዕቢ**

ንሓዳስ መዓልቲ ብእግሪ ብምንቅስቓስ ምስ እትፍልሞ፡ ምሉእ መዓልቲ ሰብነትካ እኹል ሓይሊ/ጸዓት ረኺቡ ክውዕል ይሕግዞ። እቲ ጉዕዞ እግሪ ካብ ቀጽሪ ወጺኻ ምስ ዝኸውን እቲ ዝህልዎ ረብሓ ብኡ መጠን ይዛይድ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ንግሆ ተንሲኦም ክሳብ 20 ደቓይቕ ዝኣክል ካብ ቀጽሪ ወጺኢ ብእግሪ ዝጉዓዙ መንእሰያት፡ ካብቶም ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ን20 ደቓይቕ ዝጉዓዙ መንእሰያት ዚያዳ ብርታዐን ሓይልን የጥርዩ።

*** ኩነተ ኣእምሮ የዕቢ**

ንግሆ ተንሲእካ ቀድሚ ዝኣገረ ጉዕዞ እግሪ ምግባር ሓያሎ ኣእምሮኣዊ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ንምጥቃስ፦

- ነሕን ንያትን የዛይድ፡
- ኩነተ-ኣእምሮ የዕቢ፡
- ወጥሪ የጉድል፡
- ሻቕሎት የጉድል፡
- **ምስልካይ የወግድ፡**

ጸቕጢ ከምዝዕብል ዘለና ተኽእሎታት ይኣሊ።

ንምርግጋጽ፡ ንሓሙሽተ መዓልታት ካብ 20 ክሳብ 30 ደቓይቕ ንግሆ ተንሲእካ ጉዕዞ እግሪ ብምኽያድ ክንፍትኖ ይከኣል እዩ።

*** ብዘቕለለ መንገዲ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክትገብሮ ናይ ዘጋበኣካ ዓቕን ምውስዋስ ኣካላት ንምሽፋን የኽእል**

ንግሆ ተንሲእካ ትገብሮ ጉዕዞ እግሪ፡ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ጥቕሙ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክትገብሮ ናይ ዘጋበኣካ ምውስዋስ ኣካላት ክሽፍን ዝኽእል ምኳኑ እዩ። ንግሆ ተንሲእካ ትገብሮ ጉዕዞ እግሪ ብዘኾነ ካልእ ዋኒን ከይተወጠጥካ ትገብሮ ብምኳኑ፡ ኣሰልካዩ ኣይከውንን። እቲ ጉዕዞ ናብ ቤት-ትምህርቲ፡ ወይ ናብ ቦታ ስራሕ፡ ወይ ዋኒንካ ንምኽያድ ምስ ዝኸውን ድማ ድርብ ረብሓ ይህልዎ።

መምርሒታት ምውስዋስ ኣካላት ከም ዘመልክቱዎ፡ ሓደ መንእሰይ ኣብ ሰሙን ብውሕዱ ካብ 150 ክሳብ 300 ደቓይቕ ዝኣክል ማእከላይ ሃልኪ ዘለዎ ምውስዋስ ኣካላት ክካይድ ይግባእ። ካብ ድቃስ ተበራቢርካ ንሓሙሽተ መዓልታት፡ መዓልታዊ 30 ደቓይቕ ዝኣክል ብእግሪ ምስ እትግዓዝ ዚ ዝውሃብ ጠለብ ክተማልእ ይከኣል።

*** ክብደት ሰብነት ንምጉዳል ክሕግዝ ይኽእል**

ንግሆ ካብ ድቃስ ተበራቢርካ ዝግበር ጉዕዞ እግሪ ክትነጽሖ ደሊኻ ዝለኻ ዓቐን ክብደት ሰብነት ንምውቃዕ ይሕግዝ። ብማእከላይ ስጉሚ ን30 ደቓይቕ ምጉዓዝ ክሳብ 150 ካሎሪ ከቃጽል ይኽእል። እዚ ምስ ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባን ኣካላዊ ብቕዓት ንምሕያል ዝሕግዝ ተወሳኺ ምውስዋስ ኣካላትን ምስ ዝስዕ ብቐሊል መንገዲ ናብ እትደልዮ ክብደት ሰብነት ክትነጽሕ ትእኽል።

*** ዘለካ ጥዕናዊ ብቕዓት ክትዕቅብ ይሕግዝ**

ብእግሪ ምጉዓዝ ሓያሎ ጥዕናዊ ረብሓታት እዩ ዘለዎ። ሓደ ካብኡ ሕማም ናይ ምክልኻል ብቕዓት ሰብነትካ የሐይል። በዚ ብዘተፈላለዩ ሕዱር ሕማማት ክትጥቃዕ ዝለካ ተኽእሎታት የጉድል።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ መዓልታዊ ን30 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ ብዘተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ብ19 ሚእታዊት የጉድሎ። ምስ ሕማም ሽኮር ትነብር እንተለኻውን ቁጺሊ ብእግሪ ምስ እትግዓዝ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሽኮር ክተጉድሎ ይከኣል።

*** ጭዋዳታት የሐይል**

ብእግሪ ምጉዓዝ ኣብ ኣእጋርና ዝርከቡ ጭዋዳታት ከም ዝተሩን ከም ዝሕየሉን ይገብር።

*** ኣብ ግዜ ለይቲ ልዋም ድቃስ ክትረክብ የኽእል**

ብሓፈሻኡ ኣካላዊ ምውስዋስ ኣካላት ናብ ሓጎስን እኹል ኣክስጅንን ንምድያብ ስለ ዝሕግዝ ኣብ ግዜ ለይቲ ልዋም ድቃስ ክንረክብ ይሕግዘና እዩ። እቲ ንግበሮ ምውስዋስ ኣካላት፡ ካብ ድቃስ ተበራቢርካ ንልዕሊ 30 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ልዋም ድቃስ ኣብ ምርካብ ዝሀቦ ጥቕሚ ዚያዳ ከም ዝኾነ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት የመልክቱ።

*** ንጭዋዳታት ልቢ የተርንዕ**

ሕክምናዊ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ መዓልቲ ን30 ደቓይቕ ብእግሪ ናይ ምጉዓዝ ልምዲ ዘለዎ ሰብ ብሕማማት ልቢ ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ብ19 ሚእታዊት ዝነደለ እዩ። ዚያዳ ምስ እንግዓዝ ድማ እቲ ብሕማም ልቢ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ዚያዳ ይጉድሉ።

*** ካብ ቃንዛ መላግቦታት የገላግል**

ንግሆ ካብ ድቃስ ተበራቢርካ ዝግበር ጉዕዞ እግሪ፡ ንመላግቦታት ኣዕጽምቲ፡ እንተላይ ንብርክን ምሕኮልትን ኣብ ምፍዋስን ካብ ዝተፈላለዩ ሕማም መላግቦ ኣብ ምክልኻልን ልዑል ግደ ኣለዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እግሪ ጉዕዞ ንመላግቦታት ጺዩሩ ንዝርከብ ጭዋዳ ኣብ ምልስላስን ምድልዳልን ሓጊዚ ስለ ዝኾነ ምኳኑ ክእሊታት ይሰማምዕሉ።

ብእግሪ ምጉዓዝ ቃንዛ መላግቦ ንምህዳእ ይሕግዝ እዩ። ዚ ረብሓ'ዚ ንምርካብ፡ ኣብ ሰሙን ካብ 8 ክሳብ 10 ኪሎ ሜትር ክንገዓዝ ከም ዘለና ሓካይም ይመኽሩ።

*** ሓሳባት ናይ ምምንጫው ዓቕምኻ የዕቢ**

ብእግሪ ምጉዓዝ ናይ ኣተሓሳስባ ዓቕምና ከም ዝዛይድ ይገብር። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ብሓፈሽኡ ምውስዋስ ኣካላት ዘዘውትሩ ሰባት ሓሳባት ናይ ምምንጫው ዓቕሞም ዝዓበየ እዩ።

ብእግሪ ምጉዓዝ ….. ክሳብ 10 ሽሕ ስጉሚ

ብእግሪ ምጉዓዝ ክበሃል ከሎ፡ ዓቕኑ ክንደይ እዩ ንምፍላጥ ብኽኢላታት ዝተፈላለየ መግለጺ እዩ ዝውሃብ። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ ጥዕናና ንምሕላው ኣብ መዓልቲ ኣሰታት 10 ሽሕ ስጉሚ ምኽያድ ብኽኢላታት ሕክምና ዝውሃብ ዝበለጸ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ስለምንታይ እዩ ግና ክሳብ 10 ሽሕ ስጉሚ ዝበሃል? 10 ሽሕ ስጉሚ ብምጉዓዝና ክንደይ ካሎሪ ከሀልኽ ንኽእል?

ኣብ ብዙሓት ሰባት 10 ሽሕ ስጉሚ ን8.05 ኪሎ ሜትር (5 ማይልስ) ዝሽፍን ምንቅስቓስ እዩ። እዛ 10 ሽሕ ምጉዓዝ እትብል ጭርሖ ንባዕላ ኣብ 1960'ታት ካብ ጃፓናውያን ክሉብ ተጋዓዝቲ ናይ እግሪ ዝወጸት እያ። ኣብዚ ቀረባ እዋናት ዝተኻየዱ ንጥዕና ዝምልከቱ መጽናዕትታት ድማ ነዚ ሓሳብ'ዚ ከሀብትምዎ እዮም ዝረኣዩ ዘለዉ።

ክብደት ሰብኦም ብመንጽር ቁመቶም (body mass index) ካብ 31.7 ክሳብ 44.9 ኣብ ዝኾኑ 35 ኣባጽሕ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዮ፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ መዓልታዊ ከየቋረጹ ናይ 10 ሽሕ ስጉሚ ምንቅስቓስ ኣካላት ድሕሪ ምኽያዶም ኣብ ምቕሊት ክብደት ሰብኦም ምስ ቁመቶም ናይ 3.7 ምጉዳል ኣርእዮም።

**ብ10 ሽሕ ስጉሚ ክንደይ ካሎሪ ይሃልኽ?**

10 ሽሕ ስጉሚ ብምኽያድ ክንደይ ካሎሪ ይሃልኽ ንምልካዕ ቀሊል ክኸውን ከም ዘይክእል እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ። ብርግጽ፡ መዓልታዊ ክንደዚ ዝኣክል ስጉሚ ብምጉዓዝ ብዙሕ ዝዓቐኑ ካሎሪ ከህልኽ ከም ዝኽእል ግና ንጹር እዩ።

**ክብደት ሰብነት**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ እተካይዶ ምውስዋስ ኣካላት፡ ተሃልኾ ዓቐን ካሎሪ ብዓቐን ሰብነትካን ክብደትካን ይጽሎ እዩ። ምኽንያቱ ግዚፍ ሰብነት ክተንቀሳቕስ፡ ካብ ንእሽቶ ሰብነት ዝዛየደ ጸዓት እዩ ዘድሊ። ስለዚ ግዚፍ ኣካላት ከተንቀሳቕስ ብዙሕ ካሎሪ የድልየካ ማለት እዩ።

**ምስሕዛን ምምጣጥን**

ኣብ 10 ሽሕ ስጉሚ ኽህልኾ ካሎሪ ብዓይነትን ቅልጣፈን ኣሰጓጉማና ከም'ኡ'ውን በቲ እንግዓዘሉ ዘለና ቅርጺ መሬትን ይጽሎ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ ሰዓት 8 ኪሎ ሜትር እናቕልጠፍካ ናብ ዓቐብ ትድይብ እንተለኻ፡ ኣብ ሓንቲ ደቒቕ ልዕሊ 7 ካሎሪ ክተህልኽ ትኽእል ኢኻ። በንጻሩ፡ ኣብ ሰዓት ካብ 5 ክሳብ 6 ኪሎ ሜትር ተዛዚኻ እናተንቀሳቐስካ ካብ ዓቐብ ትወርድ እንተለኻ ካብ 3.5 ክሳብ 5 ካሎሪ ጥራሕ ኢኻ ክተህልኽ እትኽእል።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ሓያሎ መንእሰያት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ነይሩ። ኣብ ሰዓት 6 ኪሎ ሜትር እናሸፈኑ 10 ሽሕ ስጉሚ ዝተጓዕዙ ሰባት፡ ካብቶም ኣብ ሰዓት 3 ኪሎ ሜትር ንምጉዓዝ 10 ሽሕ ስጉሚ ዝወሰደሎም ሰባት ዚያዳ 153 ካሎሪ ኣቃጺሎም።

ተወርሶ

ኽህልኾ ዓቐን ካሎሪ ብተወርሶ ይጽሎ እዩ። ዚ ንምምልካት ኣብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ 8 ጽምዲ መናቱ መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። መጠን ዝሃልኽ ካሎሪን ዓይነት ምውስዋስ ኣካላትን ብምዝማድ ምስ ተወርሶ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ድማ እቲ መጽናዕቲ ኣሕሊፉ።

ምንጪ፦ healthifyme.com

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 14:05 | ዶክመንታሪ |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:30 | እትመት ሲትኮም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም 'በርህ በዓል ርስቲ' |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ፍኖተ-ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቅኑዕ ውሳነ ከመይ ዝበለ'ዩ?

ኣብዚ ከም ድሴትና ከናውሓ ዘይንኽእል ዕምርና፣ ዝተፈላለዩ ገጽታት ህይወት'የም ዝገጥሙና። ህይወት ከም ዝጎንጸል ወረቓቕቲ እንተ መሲልናያ፣ ኣብቲ ዝጦበአ ወረቓት ዝጦበአ ቀለም ክትቕምጥ'ዩ ዘለና። ንዝተበላሸወ ወረቓት ናብ ንብሩ ክትመልሶ ቀሊል ኣይኮነን። ዝሓሸ ክትገብሮ'ውን ዝያዳ ጻዕሪ ይሓትት። ካብ ከምዚ ዓይነት ኣድማዒ ዘይኮነ ኣካይዳ ንምጥንቃቕ ብሉጽ ውሳኔ ይሓትት። ንውሳኔ ዘይምህዋኽና ግቡእ ቀለም ሓሪኻ ኣብቲ ጻዕዳ ወረቓት ምሕንጣጥን ከኣ ካብ ጌጋ የድሕን። ጌጋ ከምዝሎ ርዱእ ስለ ዝኾነ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ርሳስ መደምሰሲ ተቐሚጡ ኣሎ። እቲ ኣብ ህይወት ንዘጋጠመካ ጌጋ ንምእራም ዝጠፍእ ሃልኪ ግን ብመደምሰሲ ዝዕረ ኣይኮነን። ሰዓት ንድሕሪት መሊስካ እንደገና

ጌጋኻ ከተዐሪ ቀጺልካ ድማ ኣብ ዓወት ክትበጽሕ ክንጽ ሓይሊ ደቂ ሰብ'ዩ። ስለዚ ድማ'ዩ ዘይወጽእ ጣዕሳ ዘጋጥም። እቲ ኣብ ስራሕ ክጠፍእ ዝጐበኦ ግዜ ይውሕድ። ግዜ ሰሩዕ'ዩ ከምቲ ዝጸንሖ ይቕጽል ነዩም ዝተጋጸ ከኣ ኣይጸብየን። ንግዜ ናብ ረብሓኡ ቀዩሩ ዝኸስብ እቲ ኣብ ሓዲድ



ቅኑዕ ውሳኔ ዝምርሽ ሰብ'ዩ። ዚ ዘተግብር ንግዜ ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ነገራት'ውን ይኸስቦም። ኩሉ ሰብ ብሉጽ ናብራ ንኽህልዎ ይብህግ'ዩ።

ምስ ከዋኽብቲ ንምንባር ብሉጽ'ዩ ኢልካ ነዊሕ ኣሰኻላ ምስራሕ ግን ካብቲ ዘይቅርዑይ ውሳኔ'ዩ። ኣብ ዓወት ድማ ኣይትበጽሕን። ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ፈተነን ውድቀትን ከም ዘሎ ፍሉጥ'ዩ። እቲ ናብ ከዋኽብቲ ንምብጻሕ ዝተሰርሐ ኣሰኻላ ዓንዲ መጸግዒ'ውን ኣይርከቦን። ስለዚ ንኽዕረዩ

ዘጸግሙ ውድቀታት ዘይምውሳድ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዩ። ጥዑም ውድቀት ዘለዎ መንገዲ ኣብ ከባቢና ኣሎ። ንዕኡ ሃሰው ምባል'ዩ ዝሓሸ። ኣብ ዕዳጋ ዘይብሉ ኣቕሓ ወፍሪ ምግባር ዓወት የብሉን። መንእሰይ ኣብ ህይወት ዓቢ ተራ ዝጻወት ውሳኔ ንምውሳድ፣ ግቡእ ርድኢትን መጸናዕትን የድልዮ። ዕላማ ምንባር መወዳእታኡ ሓሳብ ልብኻ ንኽሰምረልካ'ዩ። ዘዕረስርስ ውሳኔ ወሲንካ ንዕምርኻን ውሽጥኻን ምዝራግ ዓንዲ ምንባርካ'ዩ ዘበላሽዎ። መንእሰይ ጨማቲ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ወዲ ዕድመ ሰብ፣ ንእሰቶት ስለዝኾነ።

ከንቱዓት ዝመልኦ ዓይነታት ህይወት ኣሎ። መንእሰይ ሰኣን ረቒቕ ምስትውዓል ኣብ ዘይብሉጽ ውሳኔ ክወድቕ ይርኣ'ዩ። መጻኢ ናብራ ኣብ ንእሰነት'ዩ ዝምስረት። ምስ ግዜን መድረኽን ምትዕጽጻፍ ጥበብ እዩ። ንኽትነብር እናበሃልካ ኣብ ምንባር ዘየፍቅድ ጫሊዳታት መንገዲ ምቕርቃር ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ሓደጋ ምእታው ማለት እዩ። መንእሰይ ኣንባቢ ከኣ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ትወስዶ ውሳኔታት ብስምዒት ዘይኮነ ብርድኢት ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ ድማ ቅኑዕ ክኸውን ዝኽእል።

## ብዛዕባ ህፈት


ህፈት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ንጥፈታት ኣትክልቲ ምኽንያት ይፍለጥ። 10 ሚእታዊት ኣብ ኣየር ካብ ዘሎ ሃፋ ማይ ብኣትክልቲ ይፍጠር። ህፈት 'ስቶማታ' ተባሂሎም ብዝፍለጡ ንኣሽቱ መሳኹቲ ተኽሊ ተሓጊዙ ዝካየድ መስርሕ ንጽገት ማይ ናብ ኣየር እዩ። እዞም ንኣሽቱ መሳኹቲ ኣብ ከም ቆጽሊ፣ ጉንዲ፣ ዕምባባን ካልኦትን ደጋውያን ክፋላት ተኽሊ ይርከቡ። ዝበዝሑ ስቶማታ ዝርከብዎ ኣካል ተኽሊ

ቆጽሊ ብምኽንያት ዝዃበየ መስርሕ ህፈት ብመገዱ ይካየድ። እቲ ዝተረፈ ሓደት ዝመጠኑ መስርሕ ህፈት ድማ ብመገዲ ጉንዲ፣ ዕምባባን ካልእን ይካየድ።

ኣብ ንቡር መስርሕ፣ ተኽሊ ማይ ካብ መሬት ትስሕብ፣ ካብ መሬት ማይ ክትረክብ እንተ ዘይክኢላ ግና መሳኹቲ ስቶማታ ይዕጸው። መጠን ህፈት ድማ ይጎድል። መጠን ጠሊ ክፃቢ ከሎ መጠን

ህፈት ብኣንጻሩ ይንክ። ንፋስ መጠን ህፈት ዘዕቢ'ኳ እንተኾነ፣ ብርቱዕ ምስ ዝኸውን መሳኹቲ ስቶማታ ስለ ዝዕጸውም መጠን ህፈት ይንክ። ቅርጺ ቆጽሊ፣ ዓይነት ስቶማታ፣ ሱር ወዘተ. መጠን ህፈት ዝጸልዉ እዮም።

ህፈት ንተኽሊ ጥራይ ዘይኮነ ንኽፍቢ'ውን ዓቢ ኣገዳስነት'ዩ ዘለዎ። ህፈት ኣብ መስርሕ ምድላው መግቢ ማለት ጸማሪ ብርሃን ናይ ሓንቲ ተኽሊ ሓጋዚ'ዩ። ኣብ መጎነ ኣከባቢን እታ ተኽልን ዝካየድ ናይ ጋዛት ምልውዋጥ ብህፈት'ዩ ዝካየድ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ፣ ኣብ ኣየር ካብ ዝርከብ ማይ 10 ሚእታዊት ብመስርሕ ህፈት ዝተዋህለለ'ዩ። ስለዚ ከኣ ህፈት ኣብ ዑደት ማይ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። ሚዛን መጠን ካርቦንዳይኦክሳይድን ኦክስጅንን ኣብ ምሕላው ይጠቅም። ገደብ ዘይብሉ ምቑራጽ ኣግራብ ሚዛን ዑደት ተፈጥሮ ብምዝንባዕ ዓለማዊ ዋዒ የኸትል። እዚ ከኣ ድሕነት ኣከባብናን ህይወትናን ንምሕላው ምትካል ኣግራብ ኣገዳሲ ምኽኑ ዘረጋግጸልና እዩ።




## ምድረ-በዳ ካላሃሪ



ካላሃሪ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣፍሪቃ ዝርከብ ኣስታት ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜተር ስፍሓት ዘለዎ ምድረበዳ'ዩ። እዚ ምድረበዳ ኣብ ሃገራት ቦትስዋና፣ ናሚብያን ደቡብ ኣፍሪቃን ተዘርጊሑ ይርከብ፣ ከም ዝኾነ ካልእ ምድረበዳ እዚ ቦታ እዚ'ውን ኣዝዩ ሰፊሕ ማይ ዘይብሉ ብቐይሕ ሑጻ ዝቖመ ቅርጺ መሬት'ዩ ዘውንን። ይኹን'ምበር፣ ገለ ተመራመርቲ ነዚ ቦታ'ዚ ከም ምድረበዳ ገይሮም ኣይቈጽርዎን እዮም። ምኽንያቱ፣ ሓደ ቦታ ምድረበዳ ክበሃል እንተ ኾይኑ ኣብ ዓመት ትሕቲ 25 ሰንቲ ሜተር ዓቐን ዝናብ ክረክብ ኣለዎ። ብዙሕ ክፋል ካላሃሪ ግን ልዕሊ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓቐን ዝናብ'ዩ ዝረክብ፣ ከኒታት ኣየር ካላሃሪ ኣብ እዋን ክረምቲ ካብ 20 ክሳብ 30

ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክበጽሕ እንከሎ ኣብ ግዜ ሓጋይ ግን ዛሕሊ ዘለዎ ድኑቕ ንፋስ'ዩ ዝፍስ። ብዘወሳኺ ካላሃሪ ሓደ ካብቶም ብእንስሳታት ሃብታማት ዝኾኑ ቦታታት ኣፍሪቃ ኩይኑ - ዝበኣ፣ ኣንበሳ፣ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ጤለበዱ፣ ብዙሓት ዓይነታት ኣዕዋፍን ለማማትን ሓቚፉ ይርከብ። ብዘወሳኺ ንቑጽ ሳዕርን ኣሻኹት ኣግራብን ብብዝሒ ይርከቦ። ኣብ ካላሃሪ ዝነብሩ ደቀባት ህዝቢ፣ 'ቡሽመን' ተባሂሎም ይጽውዑ። ቡሽመን ኣብ ካልሃሪ ንኽነብሩ ዝጥቀመሉ ሜላ ኣዝዩ ኣደናቒ'ዩ። ይኹን እምበር፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ምስ ምእታው ዝተፈላለየ ናይ ዕደና ትካላት ብቑጽሪ ውሑዳት ቡሽመን ጥራሕ'የም ናይ ኣቦታቶም ባህላዊ ኣነባብራ ተኸቲሎም ዝቕጽሉ ዘለዉ።


## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ቃላት ሰብት ንምርድኡ ዝኸብደካ እንተ ኾይኑ፣ ተግባራቶም ኣይክተኸእሎን ኢኻ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ጥዕናን ልቦናን እቶም ዝዓበዩ ክልተ ምርቓ ህይወት እዮም።" - **መናንደር**
- "መጀመርታ ንሸኻ ኣብ ገለ ዓውዲ ንፉዕ ትኸውን። ኣብኡ ድማ፣ ብዙሕ ግዜኻ ትውፊ። ሰብት በቲ ዓውዲ ይፈልጡኻ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፣ ንሱ ኣካል መንነትካ ይኸውን።" - **ማይክ ክሬዝ**
- "ንሓንቲ ከኒት ናይ ሕርቃን ብዓቕሊ ምስ እትሓልፉ፣ ካብ መዓልታት ናይ ጭንቀት ከተምልጥ ኢኻ።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ጽሓይ ክትበርቕ እንከላ፣ ብዙሕ ሞራል እዩ ዝስመዓኒ።" - **ኢላይን በክለር**
- "ብደሃያታት ህይወት ከልምሱኻ ዘይኮኑ፣ ናይ ብሓቂ መንነትካ ንኽፍልጡኻ እዮም ተፈጢሮም።" - **በርሃሶን ጆንሰን**
- "ካብ ታሪኽ ናይ ሕሉፍ፣ ሕልሚ መጻኢ'ዩ ዝያዳ ዝፍተወኒ።" - **ፓትሪክ ሆንሪ**

## ጀሲካ ኣልባ

ጀሲካ ኣልባ፣ ካሊፎርንያ ኣብ ዝበሃል ክፍለ ግዝኣት ኣመሪካ ብ28 ሚያዝያ 1981 ተወሊዳ። ጀሲካ ኣልባ ገና ጓል ሓሙሽተ ዓመት እንከላ ናይ ምውሳእ ዝንባለ ከም ዘለዋ ከተርኢ ጀመረት። ኣብ ወሸጣ ንዝተዓቖረ ባህጊ-ምውሳእ ክትስዕሮ'ውን ድላይ ሓደረ። ስድራ ቤታ ግን ተማሂራ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ይደልዩ ነበሩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ሓምሻይ ዓመት ልደታ መበኢታ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ጀመረት። ሓደ መዓልቲ፣ ጓል ዓሰርተ ሓደ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ኣብ ዝበረትሉ እዋን፣ ነደኣ ውድድር ምውሳእ ናብ ዝካየደሉ ዝበረ ኣደራሽ ክትወስዳ ተማሕጸነታ። ካተሪን እውን ሃረርታ ጓላ ድሕሪ ምርኣይ ናብ'ቲ ኣብ ማእከል ከተማ ካሊፎርንያ ዝተዋደደ ውድድር ምውሳእ ወሰደታ። ኣብ'ቲ ውድድር ቀዳማይ ኩይኑ ንዝተዓወተ ትምህርቲ ምውሳእ ብናጻ ክወሃቦ ምኽኑ ተነሪዑ ነበረ። እታ ናብቲ ቦታ ንምምጽእ ጻዕሪ ዝሓተታ ጀሲካ ሽዑ'ውን ክትውዳደር ከም እትደሊ ብኽቱር ሃረርታ ነደኣ ገለጸትላ። ካተሪን ስምዒት ጓላ ተረዲኣ ኣፍቀደትላ። ጀሲካ ኣብ'ቲ ውድድር ተሳተፈት። ንመወዳደርታ ብዒብላ ነጥቢ ሰዒራ ከኣ ቀዳመይቲ ኩይና ተዓወተት። ትምህርቲ ምውሳእ ብናጻ ተፈቒዱዋ እውን ክትመሃር

ጀመረት። ኣብ ቀዳሞት ናይ ትምህርቲ ሰሙናት ንመምህራና ብዘገረመ ብቕዓት ብምውሳእ ዓቕማ ኣመስከረት። ወለዳ'ውን ብቕዓት ጓሎም ምስ ረኣዩ ክትቕጽሎ ኣተባብዕዋ። ጀሲካ ኣልባ ኣብ ትምህርቲ-ምውሳእ ኣብ ዝበረትሉ እዋን ኣብ ተኸታተልቲ ፊልምታት 'ኒንተንዶን' 'ጀይሲ ፐኒን' ተሳተፈት። ንኣዋርሕ ዝኸደ ትምህርቲ ምውሳእ ድሕሪ ምቕሳማ ድማ፣ ብብቕዓት ኣወሳስኣ ዝተማሰጡ ዳይረክተራት ንዒይ ንዒይ ክብልዋ ጀመሩ። ኣብ 1994 ዝተዘርገሐት ፊልም 'ካምፕ ኖወር' ኣብ ፊልም ሆሊውድ ፋልማይ ሱታፌኣ ኩነት። ኣብ ፊልማ ጀሲካ ከም ተሓጋጋዚት ጠባይ ክትዓዪ እያ ተሓጺያ። ኣብታ ፊልም ቀንዲ ጠባይ ክትኮውን ዝተሓጸየት ጓል ብሕማም ምኽንያት ስለ



ዝተኣልየት ግን ንጀሲካ ዕድል ከፈተትላ። ንሳ ከኣ ከም ቀንዲ ጠባይ ብምኻን ንፊልም 'ካምፕ ኖወር' ጸዮታ። ድሕሪ'ቲ ኢጋጣሚ ዓብይቲ ዳይረክተራት፣ ጀሲካ ኣብ መጻኢ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ተዋሳእቲ ሆሊውድ ክትኮውን ምኻና ተነበዩ።

ጺሓላ ኣብ'ታ ማራኺ ዛንታ ዝሓዘለት 'ዘ ሰክረት ዎርልድ ኦፍ ኣሌክስ ማክ' ዝተሰምየት ተኸታታሊት ፊልም ጸየት። ንዝተዋህቡዎ ገጸ-ባህሪ ከኣ ብብቕዓት ተላበሰቶ። ጀሲካ ኣልባ፣ ኣብ 1998 ኣብ ፊልም፣ 'ብሮክሊን ሳውዝ' ከም ቀንዲ ጠባይ ኮይና ተዋሰአት። ኣብ'ታ ብስተሸን ዝተዓየት ፊልም፣ ጀሲካ 'መሊዩሳ ሃዋር' ዝብል ስም ሒዟያ ተዋሰአ። እታ ፊልም ድማ፣ ዝፍ ዝና ኣትረፉትላ። ቀጺላ ኣብ ተኸታታሊት ፊልም 'ዘ ላቭ ቦት' ጸየት። በዘን ዝጸየተን ክልተ ፊልምታት ተሓጊዛ ድማ፣ 'ራንዲ ኳይድ' ኣብ ትብል ኮመዲ ክትዋሳእ ተመርጸት። ኣብ መወዳእታ 1999 'ነቨር ቢን ክሰድ' ተዋሰአት። ፊልም 'ነቨር ቢን ክሰድ' ብደረጃ ዓለም ከም ትፍለጥ ካብ ዝገበርኣ ፊልምታት ሓንቲ'ያ።

ጀሲካ ኣልባ ኣብ ፊልም 'ዳርክ ኤንጀል' ምስ ደቨድ ካሜሮን ድሕሪ ምዕያያ ኣብ 'ሆሊውድ' ሓንቲ ካብ ብሉጻት ተዋሳእቲ ምኻና ኣእመነት። በታ ፊልም ኣቢላ'ውን ኣብ ሕጹያት ንብሉጽ ተዋሳኢ 'ጎልደን ግሎብ ኖሚኔሽን' ተረቝሓት።

ጀሲካ ኣብ ፊልም 'ኤንቱ ዘ ብሉ' ድሕሪ ምውሳእ ብቕዓታ ካብ ናይ ዝኾነ ተዋሳኢ ዓብዩ ምንባሩ ተረጋገጸ። ቀጺላ ጀሲካ ኣብ ፊልም 'ዘ ከለር ኢንሳይድ ሚ' ተራእየት። ኣብ ፊልም 'ቫላንታይንስ ደይ' ኣብ ገሊ ዓብይ ተዋሳኢት ሆሊውድ ጁልያ ሮበርትስ ዝተዋሰአት ጀሲካ፣ ምስ ዓቢ ተዋሳኢ ምስራሕ ብልጫ ከም ዘለዎ ትዛረብ። ድሕሪ ፊልም 'ቫላንታይንስ ደይ' ጀሲካ ኣብ ፊልም 'ስፓይ ኪድ' ተራእየት። እታ ፊልም ኣብ መዝገብ 100 ዝበለጸ ፊልምታት መበል 21 ደረጃ ተሰርዐት። ሕጂ እውን ብቕዓታ ዝያዳ ኣብ ምምስኻር ትርከብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ምስዮና ፍስሃ ተወልደ ምግል ተሪፉ፡ ምስዮና ፍስሃ ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 1ይ ቤ/ፍ ን24/4/23 ኣብ ቁ 37. ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲት ሊያ ግርምሚካኤል ገብረሂወት፡ ከሳሲ ኣፈወርቂ የዕበዮ ንገዘዝብ ምልክት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ን12/5/23 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጥ፡፡

ብርክ ሃይሉ ስም ኣደይ ጉት ግርማይ ምግል ተሪፉ፡ ጉት ገብረማርያም ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም ሓሴን ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ፋጥና ሽፉ ምግል ተሪፉ፡ ፋጥና ሸሪፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ሬበን ዳዊት ገብረኪዳን ምግል ተሪፉ፡ ረበን ዳዊት ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣቶ ጌታቸው ኣማረ ደስታ፡ ኣደይ ዘውዲቱ ኣርኣያ ዋሴ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣስቴር ፍጹም የውሃንስ፡ ወኪል ሃይማኖት ገብረንኪኤ፡ ኣሞታተይ ጸገሬዳ የውሃንስ ወልደማርያምን ንግስቲ የውሃንስ ወልደማርያምን ስለ ዝዋረፉ፣ ኣነ ምስ 1 ሓወበይ፡ ምስ 2 ኣሕዋተይን 2 ደቂ መውትቲ ኣሞይን ንወለድና ተከእና ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቃልኣብ ክፍለማርያም ዘርግሹ፡ በዓልቲ ቤተይ ደሃብ ነጋሲ ስለ ዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ከኣ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መኣዛ ተስፋጽዮን ሃብተገርግሹ፡ በዓል ቤተይ መጀር የውሃን መንግስትኣብ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ምብራቕ ማእከለ የማ፡ ኣደይ ደመት ዘርኣጽዮን ስብሁ፡ ስለ ዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣሰማዒል ዓሊ መሓመድ፡ ኣቦይ ዓሊ መሓመድ ኣብዝበርን ኣደይ ዘይኑብ ዓሊ ሳልሕን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ወራሲኦም ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ኣቶ ሃብቶም ኣያኑ ጸጋይ፡ ኣደይ ሰማይሽ ኣብርሃም ገረዝሰሰ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ወ/ሮ ምሕረት ካሕሳይ ዓንዳይ፡ ኣቦይ ካሕሳይ ዓንዳይ ገብረዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ህልዋትን ሓንቲ መዋቲት 4 ተተካእቲ ደቃን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሙሉ ተኽለሃይማኖት፡ በዓል ቤተይ ተኽለሃይማኖት ሃይለ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣልማዝ ተወልደ ተድላ፡ በዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ሃብቱይ ገብረመድህን ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ከሳሲት ወ/ሮ ሄሪን ሚካኤል ገብሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳምሶም ሰለሙን ገብረገርግሽ፡ ናይ ፍትሕ ክሲ ማስሪታትልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቶ ጸሃዩ ክፍለ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ኣስገደት ገብረስላሴ ሓጎስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ገብረገርግሽ ኣብርሃም፡ ኣደይ ተብርህ እስቲፋኖስ ግበረስ ስለ ዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ከሳሲ ኣቶ ክብሮኣብ ተኽለ ተወለደ፡ ተኸሳሲቲ ወረ/ነሄር ኣሕመድ ያሕያ ኣሕመድ ናይብ፡ ተኸሳሲ ቁጽሊዳ ER -1-6399 ኣውቶሞባል ዘኾት ናይ ገዛ ማኪና ሽይጠለይ ናብ ስመይ ክየመሓላልፈለይ ስለ ዝሞተ፡ ወረ/ ኻሩ/ኣሕመድ ያህያ ኣሕመድ ናይብ ይጸውዑለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ወ/ሮ ጺጋ ገብሩ ኪዳ፡ በዓል ቤተይ ኣፍወርቂ ነጋሽ ተኽለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳምሶም ኣረፋይነ ክንፈ፡ ኣቦይ ኣረፋይነ ክንፈ ጉይትኦም ስለዝተሰውኣ፡ ነደይ ተጋ/ኣብየት ኣፍወርቂ ናይ መጸምዲ ማሰለ ይተሓለወሉ፡ 3 ኣሕዋት ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ቅዱሳን ተስፋማርያም ዘርኡ፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ሞገስ ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ህይወት ዓንደብርሃን በርሀ፡ ኣደይ ኣበባ ንጉሰ ተስፋጽዮን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣምለሰት ተስፋይ ዑቕባገርግሽ፡ ብወኪል ኣቶ ኪዳነ ኣርኣያ ፍረ፡ በዓል ቤተይ ሙብራህቱ ቀለታ ገብረገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ዕንቋይ ገብረሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጸሃዩ ኣይነኣለም ተስፋማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍርቱና ግርማይ ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ተስፋገርግሽ ገ/ሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትዕበ ተስፋዝጊ ጸጋይ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ብርሃ ስመረ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ - ደቀምሓረ

ሃብቱ ጸጋይ ወልደሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ሃብቶ ጸጋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣማን ተከኤ የዕበዮ ምግል ተሪፉ፡ ኣማኑኤል ተከኤ የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምኒ ሓይሊ

ከሳሲት ጽርሃ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲ ኢሳቕ ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ መርሃዊት ጸጋይ ፍስሃጼን ምግል ተሪፉ፡ ራሄል ጸጋይ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትሕቲ ዕድመ ሜሮን ዓንደብርሃን ግርማይ ምግል ተሪፉ፡ የናታን ዓንደብርሃን ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ማርታ የሴፍ ቴድሮስ ምግል ተሪፉ፡ ኣርያም የሴፍ ቴድሮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጸጉ ተኽለወይኒ ፍስሃ ምግል ተሪፉ፡ ፍልማዊት ተኽለወይኒ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን12/5/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ዓንደማርያም ፍረዝጊ፡ ተኸሳሲ የሴፍ ቴድሮስ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡



### ምስጋና

ብሃደቢታዊ ሕማም ዝተሰውአ ክቡር በዓልቤተይ ጉዳም ተጋ/ ዳዊት ገብረሂወት (ዓግ) ዝተሰማዒ መሪር ሓዘን እናገለጸኩ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ሕማሙ ረሳ ኣብ ምምጻእን ከምኡ'ውን ካብ ወጻእን ኣብ ወሽጥን ብቴሌፎንን ብኣካልን ዘጸናናዕኩምኒ ቤተሰብ፡ ብጹቱን ፈተውቱን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

በዓልቲ ቤቱ የርዳኖስ ቀሺ ኣሮን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት




### ምስጋና

ብሞት ክቡር በዓልቤተይ ኣቶ የውሃንስ በለጠ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ መቓብር ብዓለዝዋዝር ኣስመራ ዘቓበርኩምና ከምኡ'ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሳባ ሚካኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ጣሻ ኣባይትን ንግድን ጨንፈር ሰምባል ብስም ከባቢ ጉዳይፍ ኣብ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ C/A00297-9 ዝርከብ 1. ኣቶ ስዩም ገረዝጊሄር 2. ኣቶ መልኣከ ዑቕባይ 3. ኣቶ ገብረሂወት የማን ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ሕሳብ፡ ብስም ምም/ከባቢ ማይ ዓይኒ (ጉዳይፍ) ኣብ ጣሻ ኣባይትን ንግድን ኤርትራ ጨንፈር ሰምባል ናብ ዝተኸፈተ ሓዲሽ ተንቀሳቓሲ ሕሳብ C/A ቁ.006198 ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፡ እዚ ናይ ህዝቢ ገንዘብ ይምልከተኒ እዩ ወይ ይግበኣኒ እዩ ብምባል ዝቃወም ሰብ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ እንተዘይቀሪቡ፡ እዚ ናይ ገንዘብ ምስግጋር መስርሕ ከምንፍጽም ንፈልጥ፡፡

ምም/ከባቢ ማይዓይኒ
ኣማሓዳሪ ተስፋጼን ገብረማስቀል



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ንብሉጻት ኣትለታትን ኣሰልጠንትን ሸሊሙ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ናይ ዓመተ-ስፖርት 2021/2022 ብሉጻት ኲዩናም ንዘተረኸቡ ኣትለታትን ኣሰልጠንትን ሸሊሙ።

ኣብቲ 12 ሚያዝያ ዝተኻየደን ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ዝተረኸብሉ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ሰራጅ ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መድብ ንመበል 3ይ ግዜ ይካየድ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ቁጽሪ ኣብ ሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ውድድራት ዝሳተፉ ኣትለታት 200፡ ቁጽሪ ትሰፉዋት ተካእቲ ኣትለታት ግራሰሩት ድማ 360 ከም ዝበጽሐ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣትለታት ዝምብልኦም ከማዕብሉ ምእንቲ፡ ምስ ሃገራዊ ካላንደር ዝተኣሳሰር ውድድራት ከም ዝስራዕ ዝሓበረ ኣቶ ሰራጅ፡ ዓቕሚ ፌደረሽናትን ኣካየድቲ ኣካላትን ንምሕያል'ውን ብደረጃ ዞባ ስልጠናታት ክውሃብ ምጽንሑ ገሊጹ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብወገኑ፡ ንዕዉታትን ብሉጻትን ስፖርታውያን ዝወሃብ ሸልማት፡ ኪኖ'ቲ ኑቶም ውልቀ-ሰባት ዝህቦ ፍናን፡ ሃገር እትሕበነሎም ተወዳደርቲ ኣብ ምፍራይ ዓቢ ጽልዋ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ወለዲ - ኑቲ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝገብሮ ዘሎ ወፍሪ ተገንዚቦም ንደቆም ክተባብዑ ኣዘኻኺሩ።

ንሽልማት ዝበቕዑ ኣትለታትን ኣሰልጠንትን እዚ ረኺቦም ዘለዉ ሽልማት ተተባቢዖም ንኽቕጽሉን ኣብ ዞባይድዎ ውድድራት ዓወት ንኽብጉናጸፉን ደራኺ ተራ ከም ዘህልዎ ኣፍሊጦም።




## ዋንጫ ናጽነት ደቂ-ኣንሰትዮ ይቕጽል

ዋንጫ ናጽነት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኢንሹራንስን ደንደንን ብጠፈሐ ተዓዊተን።

ፊልማ ኢንሹራንስ ምስ ገጀረት ኣብ ዝተኻየደ ግጥም፡ ኢንሹራንስ ዓብላሊት ኮይና ቀሪባ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ካብ ራህዋ መንግስትኣብ ሽቶ ብምርካብ ንዕረፍቲ መራሒ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ሰለስተ ካብ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት፡ ሓሓንቲ ከኣ ካብ ራህዋ መንግስትኣብን ፍዮና ፍሊሞንን ሓሙሽተ ሸቶታት ብምውሳኽ ብጠፈሐ 6-0 ተዓዊታ። ፍዮና ፍሊሞን ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ ግጥም ተጸዊዓ።

ካልኣይቲ ግጥም ናይታ መዓልቲ ኩባንያ ሰገን ምስ በሪኽ እያ ነይራ። ወላ'ኳ ሰገን ኣብ መበል 11 ደቒቕ ብመገዲ ኣኽበረት ፍትዊ ሽቶ ኣመዝጊባ እንተነበረት፡ ጸወታ ግና ብሰንኪ ዝናብ ክሳዕ 30 ደቒይቕ ኣይቀጸለን። እዛ ጸወታ፡ ዝመጽእ ረቡዕ ክትካየድ እያ።

ዝናብ ምስ ዘሓለ ሰዓት ኣርባዕተ ደንደንን ጉዳይፍን ተጻዊተን። ኣብ ጋንታ ጉዳይፍ ልዑል ኣበርክቶ ዘለዋ ኣከፋፋሊት ኢልሃም ዓብደል ቃድር፡ ኣብ ዝሓለፈ ግጥም ብኽልተ ብጫ ካርድ ብምቕጻዓ ንጋንታኣ ሃጓፍ ፈጢራትላ እያ።

ብመጀመርታ ኣብ ቀዳማይ እብረ ሽቶ ክትረክብ ሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ ዝተጸበየት ደንደን፡ ብመገዲ ሄርሞን እዮብ ዘቑጸረታ ሽቶ ንዕረፍቲ መራሒ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ደንደን ኣብ መበል 65 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ብምርካብ ብመገዲ ሄለን ሚከኤል ኣመዝጊባ መራሕነታ ኣደልዲላ። በዚ ደው ዘይበለት እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 85ን 90ን ደቓይቕ ካብ ሰላም ክብሮምን ኢልሃም ዓብደላን ሽቶታት ብምውሳኽ 4-0 ተዓዊታ። ኣቦላ ምሲጋና መሓሪ ድማ፡ ሽልማት ብልጽቲ ተጻዋቲት ምቕባላ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ባየር ሙኒክ፡ ውዕል ሳድዮ ማነ ክተቋርጾ...

ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ፡ ድሕሪ'ቲ ሰለስ ምሸት ሳድዮ ማነ ንወዲ ጋንታኡ ሌሮይ ሳነ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ምጥቃዑ - ክትቀጽዖ፡ ክትእግዶ ወይ ድማ ከተባርሮ ትሓስብ ከም ዘላ ናይታ ሃገር ጋዜጣታት ሓቢረን።

ማነን ሳነ፡ ኣብቲ ጋንታኦም ብማንሸስተር ሲቲ 3-0 ዝተሳዕረትሉ ምሸት፡ ኣብ ሜዳ ከም ዝተቛየቑ እዩ ዝንገር። እዚ ጉዳይ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ዚይዳ ኑዱዲ ከም ዘተኻዕወ ዝሓረቡ ናይ ቀረባ ወገናት፡ ማነ ነዚ ወዲ ጋንታኡ ኣብ ገጹ ከም ዝሀረሞ ይሕብሩ። ተጻዋትቲ ጣልቃ ብምእታው ነዚ ጉዳይ ከተዓሳድእዎ እንከለዉ፡ ጉዳይ ዕምቆ ኣድ ማነ ዘሸነ ጀርመናዊ - ሳነ ኣብ ከንፈሩ ከም ዝደመየ ይግለጽ። ሳነ ናብ መኪና ኣብ ዝተመልሰሉ፡ ካብ ካሜራታት ንምሕባእ ቆብዕ ገይሩ ክወጽእን ክደንንን እውን ተራእዩ እዩ።

ሂዐባ ኲዩናም ዘለዉ እዞም ክልተ ብሉጻት ተጻወትቲ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ምስ ሰብሰልጠን እዛ ጋንታ ከም ዝተራኸቡ ይሕብር። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ከም ዝዘራረብሉ'ውን ይግለጽ። ወላ'ኳ ማነን ሳነን ድሕሪ'ቲ ርክብ ብሓባር ልምምድ እንተገበሩ (ኣብቲ ናይ ልምምድ እዋን ንደቂ ጋንታኦም ይቕረታ ሓቲቶም እዮም)፡ ባየር ግና፡ ንማነ ኣብቲ ክትገብሮ ሓሳብ ኣላ።

ከም ጸብጻብ ጋዜጣ በልድ፡ ባየር፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ሴኔጋላዊ ኣጥቃዓይ ክሻዕ መቕጻዕቲ ዝኸይድ ውሳነ ክትሕልፍ ትኽእል እያ። እዚ ማለት፡ ቦርድ እዛ ክለብ፡ ንማነ ክእግዶ ወይ ከኣ ምስኡ ዘለዎ ውዕል ኣፍሪሱ ክብርርዎ ከም ኣማራጺ ይሓስቡ ኣለዉ። በዚ ድማ፡ ተጻወትቲ እዛ ጋንታ ኣብ ክራማት ናብኦም ዝተጸምበረ - ማነ ካዊሕ ክጸንሕ እዩ ዝብል እምነት ከም ዘይብሎም ይእመት።

ኣገዳሲ ህዱእ ምኽንያቱ ዝዝንግረሉ - ሳድዮ ማነ ክሳብ ኣጋ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣብ ብሉጽ ብቕዓት ምንባሩ ይትንተን። እቲ ዓቢ ውድድር ንኽጅመር 12 መዓልታት ምስ ተረፈ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ካብዚ ውድድር ተኣልዩ ብምጽናሑ፡ ደጊሙ ኣብ



ሓዳሽ ዓመት ምስ ተመልሰ ግና ኣይግድን። ብዘይካዚ፡ ዓቃል ምኽንያቱ ዝነገረሉ እዚ ተጻዋታይ፡ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተባረረ ዓሰልጣኡ ነበር - ጁሊያን ናግልስማን፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ምትራኸቡ'ውን ይንገር። ሕጂ ኸኣ፡ ንወዲ ጋንታኡ ብምህራሙ፡ ንብዙሓት ወገናት ኣደንጺዩ ኣሎ።

## "እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ" ላምፓርድ

ግዜያዊ ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ - ፍራንክ ላምፓርድ፡ ድሕሪ'ቲ ሰለስ ምሸት ኣብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ብሪያል ማድሪድ 2-0 ምስዓሩ፡ "እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ" እዩ ክብል፡ ነዚ ወጽኢት ክቕይርዎ ከም ዝኽእሉ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ቅልውላው ዘላ ቸልሲ፡ በዛ ሻምፕዮንስ ኤውሮጳ 2022 ዝሾፈት ጋንታ ብምስዓራ፡ ክሳዕ እዚ መድረኽ ክትሓልፍ ኣይተኽእልን እያ ትብሃል ኣላ። ይኹን እምበር፡ ላምፓርድ፡ ኣብ ካልኣይ እግሪ ፍሉይ ነገር ክስርሑ ከም ዝኽእሉ እዩ ዝኣምን። "ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ፍሉይ ነገር ክጋጥም ይኽእል እዩ - ቅድም ግና ክንኣምን ኣሎና።" ይብል፡ ከም ዓለሚ ኤቨርተንን ቸልስን ብምኳን ኣብ ዝተዋደዶም ናይ መወዳእታ 16 ግጥማት 13 ግዜ ዝተሳዕረ - ላምፓርድ።

እዚ ናይ ቅድም ብሉጽ ኣከፋፋሊ ቀጺሉ፡ "ብርግጽ ብቕዓት ሪያል ማድሪድ ተዓዚብካ ዓቢ ብድሆ እዩ። እንተኾነ፡ እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ። ዝያዳ ክኽፈት እንተደሊና ከኣ ናትና እዩ እቲ ስራሕ። ኣዚና እወታውያን ክንከውን ድማ ኣሎና። እንተሰሪሕካ ገለ ነገር ይቕየር እዩ። ዝመጽእ ሰሙን ከኣ ዓቢ ቅልስ እዩ ክኸውን።" ክብል፡ ናይ ቀዳማይ እግሪ ስዕረት ሰሪ እምነት ምጉዳል ዘቕለለ ምኽንያት ይዛረብ።

ቸልሲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዝተፈላለዩ ኣርባዕተ ግጥማታ ሽቶ ከተመዝግብ ተሳኢንዋ እያ። ብ18 መጋቢት ኣንጻር ኤቨርተን 2-2 ድሕሪ ምፍልላይ፡ ኣስቶን ቪላ - ብኣስቶን ቪላ 2-0 ክትስዐር፡ ኣንጻር ሊቨርፑል 0-0፡ ብዎልቨስ 1-0፡ ብቐደሚ ትማሊ ከኣ 2-0 ብማድሪድ ተረቲዓ። እዛ ለንደናዊት ክለብ፡ ከምዚ ዓይነት ጉዕዞ ኣብ ሕዳርን ታሕሳስን 1993 ኣጋጢሙዋ ነይሩ እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት እዛ ወቕቲ ዛጊት ኣብ 17 ግጥማት ሽቶ ከተመዝግብ ብምጽጋሙ፡ ታሪኽ 1994-95 ደጊሳዋ ኣሎ። ተሪፋዋ ኣብ ዘሎ ግጥማት፡ ኣብ ሓንቲ ጸወታ ሽቶ ከየመዝገበት ምስ እትወጽእ ድማ፡ ነቲ ድግስ ክትሓልፎ እያ።

ብመሰረት ፈላጦት እዚ ዓውዲ፡ ቀንዲ ጸገም እዛ ጋንታ ኮይኑ ዘሎ፡ ምጉዳም መስመር መጥቃዕታ እዩ። መስመር መጥቃዕቲ ክቕልስ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ባርሳ ዝመጸ - ኦብሙያንግ፡ ህጣሙ ኣጥፊኡ ይርከብ። ኣብ ገለ ንኣይ ሃቫርትስ ከም ቀዳማይ ኣጥቃዓይ ምጥቃም'ውን ወጽኢታዊ ኣይኮነን።

ኣብ በበሲ ዝትንተን ክሪስ ስቱን ብዛዕባዚ ክዛረብ እንከሎ፡ "ቸልሲ ጸቢቕ ዓቕሚ ኣለዋ። እንተኾነ፡ ሙብዝሕትኦም ተጻወትታ ብፍላይ ኣብ ዞባ ምጥቃዕ ምስ በጽሑ ይሕብሉ እዮም።" ክብል፡ ወጽኢታውያን ዘይኮኑሉ ምኽንያት ይገልጽ። ብዘይካዚ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ማሪዮ መልኪዮት፡ "ቸልሲ፡ ከም ጋንታ ብሉጽ ብቕዓት ኣለዋ። ይኹን እምበር፡ ኣጥቃዓይ የድልያ። እዚም ሕጂ ዘለዉ ከኣ፡ ብዙሕ ሽቶታት ናይ ምምዝጋብ ድሌት ከም ዘለዎም ክርእዩ ትጽቢት ይግበረሎም።" ኢሉ።

ኣብ ስሌዳ ፕሪመር ሊግ መበል 11 ዘላ ቸልሲ፡ ጸባሕ ቀዳም ንብራይቶን ክትዕድማ እያ። ዝመጽእ ሰሉስ ድማ፡ ክልተ ዕዳ ሽቶ ሒዛን እምነት ላምፓርድ ተደጊፉን ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ክትፋጠጥ እያ - ኣብ ሜዳኣ ስታንፎርድ ብሪጅ።

## ውድድራት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ቀጺሉ

ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሚኒስትሪታትን ትካላትን መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ዝሓለፈ ሰሉስን ረቡዕን ቀጺሉ ነይሩ።

ብሰሉስ ኣብ ሜዳ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ሰለስተ ግጥማት ተኻይዶም ነይሮም። ጋንታ ዋርሳይ ንፖስት ኦፊስ ብጠፈሐ 7-0 ክትረትዓ እንከላ፡ ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ንምምሕዳር ዞባ ማእከል 4-2፡ ጣቕ ኤርትራ ድማ ንሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን 3-1 ኣፋንዮንኦን።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደንደን እውን ሰለስተ ግጥማት ተሰላሲሎም ነይሮም። ሚኒስትሪ ዜና ንምድሪ ባቡር 2-1፡ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ንሚኒስትሪ ፍትሒ 7-2፡ ኤሪቴል ድማ ንኩባንያ ህንጻ ባድመ 1-0 ረቲዐናኦን።

ብዘይካዚ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ዝበረ ግጥማት፡ ብተኸታታሊ - ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ንሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን 2-1፡ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ንሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን 3-1፡ ሃማመተኤ ከኣ ንመዕርፎ ነፈርቲ 2-1 ኣሰዒፈናኦን።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ደንደን ካብ ዝበሩ ግጥማት ድማ፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ንጋራጅ ፈንቅል 2-1፡ ኮርፖረሽን ኢለክትሪክ ሲቲ ንመውልን ኦዲትን 3-1፡ ኣስቡኮ ድማ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት 4-1 ሰዒረናኦን።

እዚ ውድድር ወትሩ ሰሉስን ረቡዕን ኣብ ቤት ትምህርታት ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕርን ደንደን ይካየድ ከም ዘሎ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።



## ሓጸርቲ ዜናታት

* ብመሰረት ድምጺ ተዓዘብቲ ፕሪመር ሊግ፡ ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ - ከቪን ደ ብሩይን "ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ኣከፋፋሊ እቲ ሊግ" ተባሂሉ ተረቚሑ። እዚ ብቤልጅግዋል ገይም ዝተባህለ ትካል ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ስሩዕ ጸወታ እቲ ሊግ ካብ ዘለዉን ምስ ሳዕለዎት 10 ዝኣተዉን ተጻወትቲ ክልተ እዮም - ደ ብሩይን ቀዳማይ፡ ንጎሎ ካንተ 10ይ። ብተኸታታሊ ከኣ፡ ጀራርድ፡ ላምፓርድ፡ ስኮለስ፡ ቬራ፡ ያያ ቱሬ፡ ዳቪድ ሰልቫ፡ ሮይ ኪንን ሰስ ፋብሪጋስን ካብ ካልኣይ ክሳብ ታሸዓይ ተሰሪዖም።

* ዓለሚ ናፖሊ - ሉቺያኖ ስፓሌቲ፡ ኣጥቃዒ - ቪክቶር ኦሲሜሄን ዝመጽእ ሰሉስ ኣንጻር ኤሲ ሚላን ኣብ ዝገብርዎ ናይ ካልእይ እግሪ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ 100 ሚእታዊት ከም ዝሀሉ ኣፍሊጡ። ኣብ ስሌዳ ላዕለዎት ኣመዝጋብቲ ሰሪኣ ብ21 ሸቶታት ኣብ ቅድሚት ዘሎ - ኦሲሚሄን ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ንሃገሩ ናይጀርያ ወኪሉ እናተጻወተ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ዛጊት ድማ፡ ኣብቲ ናፖሊ ብኤሲ ሚላን 4-0 ዝተሳዕረትሉን ንሎቾ 2-1 ዝሰዓረትሉን ናይ ሰሪኣ ጸወታታት ክበርር እንከሎ፡ ረቡዕ ምሸት ብኤሲ ሚላን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ 1-0 ክስዓሩ ከለዉ'ውን ኣይተሰለፈን።

* ብመሰረት ክኢላ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ - ፋብሪዝዮ ሮማኖ፡ ኣቦላት ክለብ ብራይቶን - ሞይሰስ ካይሰዶን ኣለክስ ማክሊስተርን ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ካብዛ ጋንታ ክወጹ ትጽቢት ተገይሩሎም ኣሎ። እዞም ተጻወትቲ፡ ኣብ ዓይኒ ዓበይቲ ክለባት ኣትዮም ከም ዘለዉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንኪያሰዶ ኣርሰናል ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ጀሚራ ክተጣይቐሉ እንከላ፡ ንኣርጀንቲናዊ ማክሊስተር ድማ ኣብዚ እዋን ቸልሲ፡ ማን ዩናይትድን ሊቨርፑልን ይሃድናኦ ኣለዋ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ንዋና ጸሓፊ ው.ሕ.ሃ ክትሰሊ ምጽንሓ ተቓሊዑ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ስለያዊ ንጥፈታት ከተካይድ ምጽንሓ ተቓሊዑ።

ልሒኹ ዝወጸ ምስጢራዊ ሰነዳት ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ፔንታጎን ከም ዝመልከቶ፡ ኣመሪካ ንርክበት ኣንቶንዮ ጉተረዝን መኣርሕቱን ከምኡ'ውን ንመራሕቲ ካልኦት መሓዙት እትብሎን ሃገራትን ብምስጢር ክትከታተሎ እያ ጸኒሓ።

ኣብቲ ብመን ከም ዝለሓኾ ዘይተፈልጠ ስለያዊ ሰነዳት፡ ኣመሪካ፡ ኣንቶንዮ ጉተረዝ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝኸተሎ ኣካይዳ ድኹም ምዃኑ ከም እትኣምን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኩናት ዩክረይንን ሓያሎ መራሕቲ



ኣፍሪቃን ዘሎ ኣረኣእያን ኣመሪካ በጺሖ እትብሎ ገምጋምን ተሰኒዱ ይርከብ።

ሓደ ካብቲ ዝለሓኾ ሰነዳት፡ ብዛዕባ እቲ ዓለምለኻዊ ቅልውላው መግቢ ንምፍታሕ ብመንገኝነት ሕቡራት ሃገራትን ቱርኪን ዝሓለፈ ሓምለ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኮይኑ፡ 'ሰድ እኽሊ ጸለም ባሕሪ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሰፊሩ ከም ዝርከብ የመልክት።

ኣብቲ ዝወጸ ምስጢራዊ ሰነዳት፡ ኣንቶንዮ ጉተረዙ ነቲ ሩሲያ ኣብ ልዕሊ ዩክረይን ብዘወሰደቶ ስጉምቲ ንምውንጃላ ዝግበር ዝበረ ወፍሪ ዝዕንቅጽ ምንቅስቓሳት ከም ዝበርኦ እዩ ዝጠቅሶ።

ስቡማዚ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣመሪካ ንጻዕሪ ኣንቶንዮ ጉተረዝ ዘይቅኑዕ ትርጉም ብምሃብም ሕጉሳት ከም ዘይኮኑ ብምጥቃስ፡ ሕቡራት ሃገራት ቀንዲ ኣተኩሮኡ ኣብዞን ብሰንኪ እቲ ኩናት ብሕጽረት እኽሊ ዝሳቐያ ዝበራ ድኻታት ሃገራት ዓለም ምንባሩ እዩም ዝሕብሩ።

ኣመሪካ ትርከበን ሓያሎ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሕቡራት ሃገራት ብዘተፈላለየ መንገድታት ስለያዊ መርበብ ከም ዘዘርግሓ ክጥቀስ ምጽናሐ ኣይርሳዕን።

## ሰሜን ኮርያ፡ 'ሓዲሽ ዓይነት' ባለስቲካዊ ሚሳይል ወንጨፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ሓዲሽ ዓይነት ባለስቲካዊ ሚሳይል ክሽውን ከም ዝኽእል ዝተገልጸ ኣጽዋር፡ ናብ ማያዊ ክፋል ሓውሲ ደሴት ኮርያን ጃፓንን ንፈተነ ከም ዝወንጨፈቶ ተገሊጹ።

እቲ ንማእከላይ ርሕቀት ወይ'ውን ንዝዓበየ ርሕቀት ክውንጨፍ ከም ዝኽእል



ዝተጠርጠረ ሚሳይል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ማያዊ ኣካል ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ኪ.ሜ ከም እተጓዓዘ ሰበስልጣን ደቡብ ኮርያ ሓቢሮም።

ጃፓን ብወገና እቲ ሚሳይል ኣብ ማያዊ ክፋል ከም ዝዐለበ እኳ እንተገለጸት፡ ብጸጥታ ግን ኣብይ ከም ዝወደቐ ኣይሓበረትን።

ኣብ እዋን'ቲ ፈተነ ሚሳይል ሰዓታት ዝሓደራ ጃፓን ንነበርቲ ደሴት 'ሆካይዶ' ክዕቆቡ ትእዛዝ ከም ዝመሓላለፈት ተፈሊጡ።

ጃፓን ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ'ውን ሰሜን ኮርያ ማእከላይ ርሕቀት ዘለዎ ሚሳይል ምስ ተኮሰት ኣብታ ደሴት ተመሳሳሊ ትእዛዝ ኣመሓላሊፋ ምንባራ ኣይርሳዕን።

ሰበስልጣን ደቡብ ኮርያ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብዎ ጽሑፋዊ መግለጺ፡ ሰበ ስልጣን ስለያ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ብዛዕባ'ቲ ሚሳይል ኣመልኪቶም ሰፊሕ መርመራ የካይዱ ከም ዘለዉ ኣረጋጊጾም።

እዚ ሓዲሽ ፈተነ ሚሳይል ተኸቲሉ፡ ደቡብ ኮርያ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ጸጥታ ጸዊዓ ከም ዝኣከበት ተሓቢሩ።

ኣገልግሎት ዜና ደቡብ ኮርያ 'ዋይ.ቲ.ኤን' ንሓደ ወተሃደራዊ በዓል-ስልጣን ብምጥቃስ ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ፡ እቲ ሰሜን ኮርያ ዝፈተነቶ ፈተነ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ሰልፍታት ንምርኢት ቀሪቡ ዝነበረ ሓዲሽ ዓይነት ኣጽዋር ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚቱ።

ሰሜን ኮርያ፡ ከም መልሰ-ግብሪ ናይቲ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዘካይድኦ ወተሃደራዊ ልምምዳት፡ ብወገና'ውን ሓያሎ ፈተነታት ሚሳይል ከም እተካይድ ብተደጋጋሚ ክትገልጽ ምጽንሓ ይፍለጥ።

## ጋና፡ ሓዲሽ ክታበት ዓሶ ተቐቢላ




ጋና፡ ነቲ ብሰብ-ፍልጠተኛታት 'ዓለም ዝቐየረ' ተባሂሉ ዝተሰምየ ሓዲሽ ክታበት ዓሶ ዝተቐበለት ቀዳመይቲ ሃገር ኮይና ከም ዝኾነት ተገሊጹ።

እቲ 'ኣር.21' ዝተባህለ ሓዲሽ ክታበት፡ ምስ'ቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዕዳጋታት ዝወዓሉ ተመሳሳልቲ ክታበታት ክነጻጸር እንከሎ፡ ዝያዳ ኣድማዒ ምዃኑ እዩ ዝገለጸ።

በዚ ድማ፡ ክፍሊ ቁጽጽር መድሃኒት ጋና፡ ንውሕስነትን ኣድማዕነትን እቲ ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ ክታበት ዝምልከት ናይ መወዳእታ ገምጋም ድሕሪ ምክያድ፡ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ወሲኑ ኣሎ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ብወገኑ፡ ተቐባልነት ናይቲ ክታበት ንምጽዳቕ ኣብ መስርሕ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ሕማም ዓሶ ብደረጃ ዓለም ኣብ ዓመት ኣስታት 620 ሽሕ ሰባት ንሞት ከም ዝቃልዕ ዝገለጽ ኮይኑ፡ ካብዚኦም መብዛሕትኦም ህጻናት ምዃኖም ይሕበር።

ንኣካላትና ካብ ዓሶ ዝከላኸል ክታበት ንምምዕባል፡ ንሓደ ክፍለዘመን ዝቐጸለ ዓቢ ሳይንሳዊ ስራሕ ከም እተሰላሰለ እዩ ዝገለጽ።

ንክታበት 'ኣር.21' ዝምልከት ኣብ በርኪናፋሶ ዝተኻየደ መጽናዕታዊ መጽናዕቲ፡ እቲ ክታበት ኣብ ሰለስተ እብረ ምስ ተዋህበን ድሒሩ'ውን ኣብ ዓመት መበራትዒ ምስ ተወስደን ክሳብ 80 ሚእታዊት ውጽኢታዊ ከም ዝኸውን የመልክት።

## ኣባላት ኣስያን፡ ንመጥቃዕቲ ምያንማር ኮኒነን

ኣባላት ውድብ 'ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ' (ኣሲያን) ዝኾና ሃገራት፡ ሓይልታት መንግስቲ ምያንማር ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት ዝኸየዱዎ - ቀልዑ ዝርከብዎም ሰላማውያን ሰባት ዝለኸመ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ከም ዝኾነኦ ተገሊጹ።

እተን ኣባል ሃገራት እዚ ዝኾና፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ናይቲ ኣብ ማእከላይ ክፋል ምያንማር ዝተኻየደ መጥቃዕቲ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን ነቲ ኣብ ለካቲት 2021 ስልጣን ብዘሓዘ ወተሃደራዊ መንግስቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒንዎ ኣሎ።

ብቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ቀልዑ ዝርከብዎም 100 ሰባት ድሕሪ ምቕታሎም፡ እቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ብዕልዋ ስልጣን ካብ ዝሓዘ ንደሓር ካብ እተፈጸሙ መጥቃዕትታት እቲ ዝኸፍአ ክኸውን ከም ዝኽእል ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ኣብ ጋዚ ግዩ ዝተባህለ ቦታ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ሃገር ካረን ኣብ ሞንጎ ሰራዊት መንግስትን ዕጡቓት ተቓወምትን ብዝተኻየደ ግጭት ኣሽሓት ሰባት ዶብ ሰጊሮም ናብ ታይላንድ ድሕሪ ምህዳሞም ድሕሪ ሒደት መዓልታት እዩ ተፈጺሙ።



## ሚ/ጉ/ወጻኢ ሶርያ፡ ናብ ስዑዲ-ዓረብ ኣምሪሑ

ዲፕሎማስያዊ ርክብ ሶርያን ስዑዲ-ዓረብን እናሓየለ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ፋይሳል መቅዳድ ናብ ሪያድ ከም ዘምረሐ ተገሊጹ።

እቲ ብዓል-ስልጣን ናብ ሪያድ ዘምርሖ ዘሎ፡ ካብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ-ዓረብ ልኡል ፈይሰል ቢን ፋርሓን ድሕሪ ዝተዋህቦ ዕድመ ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ዜና ክልቲአን ሃገራት ጸብጺቦም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ዑደት ክካይድ፡ ድሕሪ ኣብ 2011 ኣብ ሶርያ ኩናት ምውላዑ ናይ መጀመርታ ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብቲ ክልቲኦም ሰበስልጣን ዘካየድዎ ርክብ፡ ሶርያን ስዑዲ-ዓረብን ቆንስላዊ ኣገልግሎትን በረራታትን ዳግማይ ክጅምራ ከም ዝተሰማምዑ፡ ኣብ ጸጥታን ጸረ-ሽበራን ሓቢሮም ንምስራሕ ከም እተረዳድኡን ተገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ሶርያውያን ስደተኛታት ናብ ዓዶም ክምለሱ ዘኽእሉ መንገዲታት ንምውሓስን፡ ናብቲ ዝተሃሰየ ከባቢታት'ታ ሃገር ሰብኣዊ ረዲኤት ዝበጽሓሉ ኩነታት ንምፍጣርን ክዘተዩ ምዃኖም እቲ መግለጺ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ምግንን ዑደት ከም ዘካየደ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ድማ ናብ ስዑዲ-ዓረብ ብምምራሕ ብዛዕባ ዳግማይ ምጅማር ቆንስላዊ ኣገልግሎት ዝምልከት ምስ መራሕቲ ስዑዲያ ከምእተመያየጠ ኣይርሳዕን።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳህላክ | 14/04/2023 | ጎደና ገጀረት-751 ጥቃ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |
| ፋርማሲ ተስፋ | | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |
| ፋርማሲ ፋሚሊ | | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኂ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services